ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ንኣብያተ ዕዩኡ ኣገልግሎት ዝዉዕሉ መለዋወጢ ኣቅሑ መኪና ፣ሕትመት መፃሕፍቲ ፣ ፅገና ኤሌክትሮኒክስ ፣ ንኣካለ ጉድኣት ዘገልጉሉ ናዉቲ ዊልቸርን ፣ ክራንችን ብግልፂ ብጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግን ክሕትም ይደሊ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 29, 2012 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 15, 2012 3:45 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 15, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ፅገና ኮምፒተርን ኤሌክትሮኒክስን/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ጥዕና ተንከፍ አቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፋቃድ ንግዲ ዘለዎ

2 ወረቐት ምስክር መቕረባይነት ዘለዎም

3 መረዳእታ መለለይ ከፋለይነት ግብሪ ከቕርብ ዝክእል

4 ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ዝኮነ ናይ ወርሒ መስከረም 2012 ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል፤

5 ሰነድ ጨረታ አብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ቀደማይ ደብሪ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 12 እንትከዉን ዋጋ መሸጣ ሰነድ ንሕድሕድ ዘይምለሰ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ይከኣል።

7 ጨረታ 15/03/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡45 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ መአከቢ ኣዳራሽ ይክፈት።

8 መከበሪ ጨረታ ስፔር ፓርት 5000.00 ሽሕ ቅርሺ ሕትመት መፃሕፍቲ 15000.00 ቅርሺ ፅገና ኤሌክትሮኒክስን ኣቅሑ ንጉድኣት ኣካል 2000.00 ቅርሺብስፒኦ ከትሕዝ ይግባእ።

9 ጨረታ ሰዓራይ ጨረታ ምኻኑ ብደብደቤ ካብ ዝተገለፁሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል፤

10 ዝኮነ ተጫራታይ ብዛዕባ እቲ ሰነድ ጨረታ ካልእን መብረሂ ዘድልዩ እንተኮይኑ ብፅሑፍ ጥራይ ምሕታት ይክእል።

10 ሰዓራይ ጨረታ ዉዕሊ ካብ ዝኣተወሉ ዕለት ንሕትመት ኣብ ዉሽጢ 45 ተከታታልቲ መዓልቲ በቲ ዝርዝር ዋጋ መሰረት ናብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ንብረት ክፍሊ ከረክብ ዝኽእል፤ ዝተረፉ ድማ 30ተከታታሊቲ መዓልትታት ናብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ንብረት ክፍሊ ከረክብ ዝኽእል

11ዝኾነ ተጫረታይ ቤት ዕዮና ኣብ ዘቀመጦ ዝርዝር ምውሳኽ ወይ ምንካይ ወይ ዝስርዝ ካብ ውድድር ወፃኢ ዝገብር ምኻኑ ክፈልጥ ይግባእ።
12 እቲ ቢሮ ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ ዝተሐለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-403477/0344408299 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle